# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er



## ሊግ ኤርትራ

ግጥማት ሊግ ኤርትራ ትማሊ ሰንበት ኣብ ሓሙሽተ ከተማታት ኤርትራ ቀጺሉ ውዒሉ።

ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣቐዲመን ኣልታሕረርን ኣልሂላልን ክገጥማ እንከለዋ፡ ኣልሂላል ኣብ መበል 23 ደቒቕ ካብ ኤፍሬም ዘርኦም፡ ኣብ መበል 52 ደቒቕ ከኣ ካብ ኣማኑኤል ዓንደብርሃን ክልተ ሸቶታት ከተቑጽር እንከሎ፡ ኣልታሕረር ኣብ መበል 65 ደቒቕ፡ ብጸቡቕ ምቅብባል ኣብ ክሊ ልዳት ኣልሂላል ንዝበጽሓታ ኩዕሶ፡ ተጻዋታይ ኣሂላል በደል ብምፍጻሙ ንዝረኸበታ ፍጹም ቅላዕ መቕጸዕቲ ብመገዲ መድሃኔ ስዩም፡ ካብ ስዕረት ዘየናገፈት ሸቶ ከተቑጽር ክኢላ።

ኣልሂላል ኣብ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ናይ ሊግ ግጥማ ኣብ ሜዳኣ ኩተማ ከረን ንኣዱሊስ 3ብ2 ከምዝሰዓረት ዝዝከር ኮይኑ፡ ትማሊ ሰንበት ገይሻ ንኣልታሕረር ኣብ ሜዳኣ ብምስናፉ ተኸሸታታሊ ኣንጻባራቒ ዓወት ኩተመዝግብ ክኢላ ኣላ።

ቀጺለን ዝገጠማ ኣዱሊስን ደቀምሓረን እየን። ኣዱሊስ ከኣ ኣኪታቲላ ኣብ መበል 55 ደቒቕ ብስዒድ ዓብደልቃድር፡ ኣብ መበል 71 ደቒቕ ከኣ ብዮናስ ሰለሙን ብዘቑጸረተን ሸቶታት፡ ናይ 2ብ1 ዓወት ተደቢሳ።

ኣብ ዓሰብ ደንካልያን ቀይሕ ባሕርን ክገጥማ እንከለዋ፡ ቀይሕ ባሕሪ ኣቐዲማ ካብ ሙሴ ነጋሲ ኣብ መበል 16 ደቒቕ ሸቶ ኩተመዝግብ እንከላ፡ ደንካልያ ኣብ መበል 30 ደቒቕ ካብ ኢብራሂም መሓመድ ብዘቑጸረታ ሸቶ ተመዓራርያ።

ብድሕርዚ እተመዝገበ ሸቶ ብዘይምንባሩ፡ እታ ኣብ ሜዳኣ ክልተ ተኸታታሊ ዓወት ዘመዝገበት ደንካልያ ምስ ቀይሕ ባሕሪ ማዕረ ተፈላልያ።

ኣልነስርን ማይ ኣደከሞምን ኣብ ኩተማ ከረን እየን ገጢመን። ኣቐዲማ ኣብ ሻውዓይ ደቒቕ ሓላው ልዳታ ብቐይሕ ካርድ ዝኸሰረት ማይ ኣደከሞም፡ ጸቡቕ እኳ እንተተንቀሳቐሰት፡ ኣልነስር ኣብ መበል 32 ደቒቕ ጎይቶኦም ሃብቶም፡ ኣብ 38 ደቒቕ ዘርእማርያም ቀሲታ፡ ኣብ 78 ደቒቕ ከኣ ካብ ጽንዓይ ይግዛው ብዘቑጸርወን ሸቶታት 3 ብ 0 ክትመርሕ እንከላ፡ ብጎደሎ ተጻወትቲ ዝመከተት ማይ ኣደከሞም ኣብ መበል 82 ደቒቕ ካብ ኤርምያስ ተስፋማርያም መምለሲት ገዛ ትኸውን ሸቶ ኣቑጺራ። ዝበርዋ ተቐየርቲ ኣቐዲማ ዘእተወት ማይ ኣደከሞም፡ ኣብ ኣጋ ምዝዛም፡ ብመጉዳእቲ ጸወታ ክቕጽል ንዘይከኣለ ተጻዋታያ ክትክእ ስለዘይከኣለት፡ ንጸወታ ብትሽዓተ ተጻወትቲ እያ ዛዚማቶ።

ሰሚንቶን ስሉማን ኣብ ዘካየድኦ ናይ ባጽዕ ግጥም፡ ሰሚንቶ ኣብ መበል 65 ደቒቕ ካብ ዓብዱ ኢብራሂም፡ ኣብ 77 ደቒቕ ከኣ ካብ ኢሳያስ ዓጽመገርጊስ ብዘቑጸረተን ሸቶታት፡ ኣብ ልዕሊ ስሉማ ናይ 2ብ0 ዓወት ተጓናጺፋ።

ኣብ መንደፈራ መረብን ኣስመራ ቢራን ኣብ ዘሰላሰልኦ ግጥም፡ ሳምሶም ጉብረዋህድ ኣብ መበል 15 ደቒቕ ንዘቑጸራ ሸቶ፡ ኣስመራ ቢራ ክትስርዛ ብዘይምኽኣላ፡ ብናይ መረብ 1ብ0 ዓወት ጸወታ ክዛዘም እንከሎ፡ ኤፍሬም የማነ ናይ ኣስመራ ቢራ ከኣ ኣብ መበል 90 ደቒቕ ብዘፈጸሞ ሓደገኛ ኣጸዋውታ ግዳይ ቀይሕ ካርድ ኮይኑ።

ህዝባዊ ርክባት
ሃ/ፈ/ኩ/እ/ኤ

**መደብ ጸወታ**
**ሎሚ**
ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ
ኣርሰናል - ዌስትሃም 9:45

## ኤሪተል ተዓዊታ

### መኸሰብ ንዘዋሪት ዋንጫ ኢዱ ኣንቢሩላ

ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ከባቢ እንዳማርያም ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ውድድር ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል፡ ተቐዳዳማይ ክለብ ኤሪተል መርሃዊ ጎይትኦም ዕውት ናይቲ መድረኽ ክኸውን እንከሎ፡ ወዲ ጋንታኡ መኸሰብ ደበሳይ ድማ ብውህሉል ነጥቢ ዋንጫ ዓቲሩ። ብክለብ ኣብ ዝተኻየደ ቅልስ ኤሪተል ብ82 ነጥቢ ዕውትቲ ኮይና።

ኣብቲ ብቑጽሪ ብርክት ዝበሉ ተዓዘብቲ ዝተረኽቡሉ ረፍዲ፡ ተቐዳደምቲ ቀዳማይ ዲቪዥን ብ2 ሰዓትን 47 ደቒቕን እዮም ኣብ መዛዘሚ ሕንጻጽ በጺሖም። መርሃዊ ጎይትኦም ቀዳማይ ክወጽእ እንከሎ፡ ብርሃነ መልኣከ - ኤሪተል፡ ኣኽሊሉ ገብርሂወት - ሰምበል፡ ሰለሙ ንሃብተ - ኣስቤኮ፡ ተስፋይ ኣብርሃ - ሰምበል፡ መኸሰብ ደበሳይ - ኤሪተል፡ ሚኪኤል ሃብቶም - ሰምበል፡ ቢንያም ወልደሩፋኤል - ሰምበል፡ ዮናስ ፍስሃየ - ኤሪተል፡ ኣሮን ደብረጼን - ኣስቤኮ ድማ ክሳብ ዓስራይ ብምውጽእ ኣብ ነጥቢ ኣትዮም።

ኣብ ወድድር ካልኣይ ዲቪዥን፡ ሜሮን ኣብርሃም - ኤሪተል፡ ኑር ኣሕመድ ዓብደልወሃብ - ውልቂ፡ ዮናስ ወልደሩፋኤል - ኣስቤኮ፡ ተስፋይ ምሕረትኣብ - ኣስቤኮ፡ ሄኖክ ተስፋይ - ውልቂን ተመስገን ሃይለ - ውልቂን ዕውታት ኮኑ።

ኣብ ዳኮርሶ ደቂ ኣንስትዮ ሰናይት መንግስ - ዓራግ፡ ትዕግስቲ ገብርሂወት - ጋላ ነፍሒ፡ ዮርሳሌም ገብሩ - ኤለክትሮላይት፡ ዮሃና ዳዊት - ዓራግ፡ ጸሃይነሽ ፍጹም - ዓራግ፡ ወሓዚት ኪዳነ - ኤለክትሮላይት፤ ኣብ ውድድር ሳልሳይ ዲቪዥን፡ ዘመንፈስ ሰለሙን - ውልቂ፡ ዮናስ ኣፈወርቂ - ጎዳይፍ፡ ደጀን ለገሰ - ቲራቮሎ፡ ፊሊጶስ ክብረኣብ - ጎዳይፍ ከምኡ ድማ ኤርምያስ ንጉሰ - ኣርባዕተ ኣስመራ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻዱሻይ ወጺኦም።

ብውህሉል ነጥቢ፡ መኸሰብ ደበሳይ ብ19 ነጥቢ ቀዳማይ፡ ኣሮን ደብረጼን - ኣስቤኮ ብ18 ነጥቢ ካልኣይ ከምኡ ድማ ዮናስ ፍስሃየ - ኤሪተል ብ16 ነጥቢ ሳልሳይ ኮይኑ።

ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ሜሮን ኣብርሃም - ኤሪተል ብ18 ነጥቢ፡ ዓወት ሃብቶም - ሰምበል ብ12 ነጥቢን ዮውሃንስ ወልደሩፋኤል - ኣስቤኮን ብ8 ነጥቢ ሳልሳይ ኮይኖም። ብጋንታ ድማ ኤሪተል ብ22 ነጥቢ ቀዳመይቲ ኮይና። ኣብ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ ወሓዚት ኪዳነ ብ15 ነጥቢ፡ ሰናይት መንግስ ብ12 ነጥቢን ዮርሳሌም ገብሩ ብ9ነጥቢን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ሒዘን። ብጋንታ ድማ ዓራግ ቀዳመይቲ ኮይና።

ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን ዘመንፈስ ሰለሙን ብጋንታ ድማ ገዛባንዳ ዕውታት ኮይኖም።

** ** **



ስእሊ፡ ኤፍሬም (ወዲ ፎርኖ)

## መዓልቲ ብሽክሊታ ተዘኪሩ

ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ ኑቲ ናይ ልዕሊ 70 ዓመታት ዕድመ ዘለዎን ብኣፍቀርቲ ስፖርት ሃገርና ድማ ፍቱውን ዝኾነን ስፖርት ቅድድም ብሽክሊታ፡ ዓመታዊ ተዘካሪ ክብሪ ንምሃቡ ብዘንቀዶ መደብ 'ብሽክሊታ ትንገስ' ብዝብል ቴማ መዓልቲ ብሽክሊታ ኤርትራ 2014 ዘኪሩ ውዒሉ።

ኣብቲ ሰንበት 13 ሚያዝያ 2014 ካብ ማውንቴን ባይክ ክሳብ ቀዳማይ ዲቪዝዮን ንዝርከቡ ተቐዳደምቲ ከምኡ'ውን ኣብ ኩሉ ክፋላት ዕድመ ዝርከቡ ኣፍቀርቲን ተጠቀምቲን ብሽክሊታ ኣሳቲፉ ካብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ተበጊሱ ናብ መስመር ቀሓውታ ብምምራሕ ብጎዳይፍ ተጠውዩ ብጎደናታት ተጋደልቲ፡ ሰማእታትን ሓርነት ሓሊፉ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ዝተዛዘመ ዝኽሪ፡ ብቑጽሪ ብርክት ዝበሉ ኣፍቀርቲን ተጠቀምቲን ቅድድም ብሽክሊታ'የም ተሳቲፎሞ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ዝተሳተፉ ኣፍቀርቲ ቅድድም ብሽክሊታ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራ ኑቲ ኣጋጣሚ ምውዳቡ ኑቲ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻት ስፖርት ኣንጸባራቒ ዓወታት ንሓፍሰሉ ዘሎና ዓውዲ ተወሳኺ ናይ ምዕባለ ድርኺት ዝፈጥርን ተኻእቲ ተቐዳደምቲ ብቑጽሪን ዓይነትን ክፈርዩ ዝሕግዝ ተበግሶ ብምዃኑ ብምግላጽ ዓመት መጸ ብዝበለጸ ውዳቤን ሰፊሕ ተሳትፍነት ማሕበረሰብ ቅድድም ብሽክሊታን ጋንትታትን ብዘጋግጽን መልክዑ ንምውዳቡ ክስረሓሉ ኣዘኻኺሮም።

ህዝባዊ ርክባት
ኮሚሽን ስፖርት ኤርትራ

## ቅንጥብጣብ

= ተደጋጋሚ ስዕረት ዘመዝገበት እስጳኛዊት ክለብ ባርሴሎና፡ ንኣመልካቲቶ ኣጸብዕታ ናብ ኣሰልጣኒ ማርቲኖ ተመልክት ኣላ - ተሓታቲ ኢኻ ብዝስምዕ። እቲ ኣርጀንቲናዊ ኣሰልጣኒ፡ ዋላ'ኳ ኣብ ባርሴሎና ሒደት እዋናት እንተገበረ፡ እታ ጋንታ ካብ ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ብኣጋኡ ብምግላፋን ኣብ ውድድር ላ'ሊጋ እስጳኛ ድማ ነጥቢ ተጥፍእ ምስ ምህላዋን ኩተባርሮ ከምእትኽእል ብሰፊሑ ይንገር። ብፍላይ ኤልሙንዶ ዲፖርቲቮ ዝተባህለት መርበብ ሓበሬታ፡ ማርቲኖ፡ ናይ ባርሳ ጸንሒቱ የብቅዕ ከምዘሎ እያ ትሕብር ዘላ። እንተኾነ እታ ካታሎናዊት ክለብ ኑቲ ኣርጀንቲናዊ እንተኣባረራ 5 ሚልዮን ፓውንድ ካሕሳ ክትከፍል ከምእትግደድ ኣነጺራ - ምኽንያቱ ውዕሉ ክዩብቀዐ ይፋኖ ብምህላው።

** ** **

= ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳን ላ'ሊጋን ድንቂ ብቕዓት እናርኣየት ጉዕዛኣ ትቕጽል ዘላ ኣትሌቲኮ ማድሪድ፡ ንኣጥቃዒ ክለብ ሳን ሎረንዞ - ኣንጀል ኮሬያ ኩተፈርም ሳዕልን ታሕትን ትብል ከምዘላ ተሓቢሩ። ብመሰረት ሓበሬታ ጋዜጣ ማርካ፡ እታ ክለብ ምስ ኮሬያ ዝርርብ ከምዘካየደት ተገሊጹ። ብክለብ ኣርሰናልን ማን ሲቲን ተጠሚቱ ዘሎ ኮሬያ፡ ወዲ 19 ዓመት ኮይኑ፡ ሓደ ካብ ኣደናቕቲ ተጻዋታይ ሲቲ - ሰርጅ ኣጉዌሮ እዩ።

** ** **

= ኣሰልጣኒ ኣርሰናል - ኣርሰን ቨንገር፡ ኦሊቨር ጂሩድ ናብ ዕዳጋ ክወርድ ድፍኢት ክገብር ምጽንሑ ማዕከናት ዜና ክገልጻ ጸኒሐን። እንተኾነ እቲ ፈረንሳዊ ኣሰልጣኒ እቲ ተጻዋታይ ከምዝድልዮን ካብታ ክለብ ክወጽእ ድማ እዋኑ ከምዘይኮነን ኣነጺሩ። "ጅሩድ፡ ነዛ ክለብ ከዐውት ልዑል ባህጊ ኣለዎ። ብፍላይ ኣብ ናይ ጋንታ ጸወታ፡ ዘርእዮ ሃልኪ ኣገዳሲ ዝኾነ እዩ" ይብል ቨንገር።

** ** **

= ኣሰልጣኒ ኣትሌቲኮ ማድሪድ- ዲያጎ ሲሞን - ንሓላዊ ልዳት ክለቡ ኮርቱዋ ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ኣንጻር ቸልሲ ከምዘየሰልፎ ሓቢሩ።

** ** **

= ሜትሮ ዝተባህለት ማዕከን ዜና፡ ኣጥቃዒ ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ዲያጎ ኮስታ ብ50 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ቸልሲ ክሰጋገር ኣብ ስምምዕ ከምዝተበጽሐ ኣፍሊጣ። ብመሰረት እቲ ምንጪ፡ እቲ ብራዚላዊ መበቆል ዘለዎ እስጳኛዊ፡ ኣብ ክረምቲ ናብ ቸልሲ ክጽምበር እዩ።

** ** **

= ኣከፋፋሊ ክለብ ቶተንሃም - ክርስትያን ኤሪክሰን ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዓመተ ስፖርትዚ ካብታ ክለብ ክወጽእ ምዃኑ ኣፍሊጡ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ቶተንሃም ንሓላዊ ልዳት ዌስትብሮም - በን ፎስተር ክትገዝእ መዲባ ምህላዋ ሚረር ዝተባህለት ጋዜጣ ትማሊ ሓቢራ።

** ** **

= ንዊጋን ብፍጹም ቅላዕ 4ብ2 ብምስዓር ኣብ ግጥም ፍጻመ ኤፍ ኤ ካፕ ዝበጽሐት ኣርሰናል፡ ኣሰልጣኒኣ ኣርሰን ቨንገር ውዕሉ ክተናውሓሉ መዲባ ምህላዋ ተሓቢሩ።

** ** **

= ኣከፋፋሊ ክለብ ማን ሲቲ - ያያ ቱረ፡ ክለቡ ብሊቨርፑል 3ብ2 ኣብ ዝተሳዕረትሉ ግጥም፡ ንኣዋርሕ ካብ ጸወታ ዘርሕቖ ማህሰይቲ ከምዝገጠሞ ተሓቢሩ። ኣሰልጣኒ ማኑኤል ፐለግሪኒ፡ ዋላ'ኳ ብዛዕባ ማህሰይቲ ቱረ ጸጹይ ዝኾነ ሓበሬታ እንተዘይሃበ፡ ንኣዋርሕ ካብ ጸወታ ናይ ምርሓቕ ተኽእሎ ከምዘለዎ ግና ኣሚቱ ኣሎ።

** ** **

= ኣጥቃዒ ናይታ ንጉታፈ 2ብ0 ዝሰዓረት ኣትሌቲኮ ማድሪድ ዝኾነ ዲያጎ ኮስታ፡ ምስ ዓንዲ ልዳት ብምጋጭው ማህሰይቲ ገጢምዎ ኣሎ። እቲ ማህሰይቲ ንክለቡ ዘሰንበደ ተርእዮ እኳ እንተነበረ፡ ድሒሩ ብዘካየዶ ሕክምናዊ ክንክን ንግጥም ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣንጻር ቸልሲ ከምዝርከብ ተሓቢሩ።

** ** **